ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

CORONA

TIGRINJA
ቁጽሪ 20
ሕዳር 2020

# ዝተረረ ሕግታት ካብ ዕለት 10 ሕዳር ጀሚሩ -ኣብ ዚ ኣውራጃ ለበዳ ክበዝሕ እንከሎ!

**ኣብ ማሕበራዊ ምትእኽኻብ ኣይትኺድ። ካብ ናይ ዕዳጋ ቦታታትን ካብ ካልኦት ኣብ ዕጹው ገዛ ብዙሓት ዝእከብሉ ቦታታትን ነብስኻ እለ - እዚ ገለ ካብቲ ኣብ'ዚ ኣውራጃ ካብ ዕለት 10 ሕዳር ጀሚሩ ግብራዊ ዝኸውን ዝተረረ ሕግታት እዩ።**

ኮሮና ቫይረስ ሎሚ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ብቕልጡፍ ይላባዕ ኣሎ። ኣብ ሽወደን ኣበይን እቲ ምልባዕ ከመይ ይመስልን ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን ይከታተሎ ኣሎ።

ሎሚ ኣብ ኣውራጃ ካልማር ብዙሓት ዝተለኸፉ ስለዘለዉ ካብ ዕለት **10 ሕዳር** ጀሚሩ ሓፈሻዊ ከባብያዊ ቀይድታት ክመጽእ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ንሕና ኣብ'ዚ ኣውራጃ ንነብር ብፍሉይ ክንጥንቀቕን ነዞም ተረርቲ ሕግታት ክንስዕቦምን የድልየና።

**ካብ ዕለት 10 ሕዳር ጀሚሩ እዚ ግብራዊ ይኸውን:**

ካብ ዕጹው ቦታታት ከም ድኳናት: ናይ ዕዳጋ ማእከላት: ቤተመዘክራት: ኣብያተንባብ : ማእከላት ምህናጽ ኣካላት ተቖጠብ።

ኣድላዩ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ካብ ድኳናት ሃለኽቲ ወይ ቤትመድሃኒት ክትዕድግ ትኽእል ኢኻ።

ካብ ኣኼባታት ተቖጠብን ናብ ኮንሰርትታት: ምርኢታት: ስፖርታዊ ልምምዳት:ውድድራትን ግጥማትን ኣይትኪድ። ስፖርታዊ ልምምዳት ን15ን ትሕቲኡን ዝዕሚኦም ቆልዑን ንኣሽቱን ጥራይ ክቕጽል እዩ።

እንተኽኢልካ ካብ ምሳኻ ብሓባር ዝነበሩ ሰባት ወጻኢ ኣካላዊ ምትንኻፍ ኣይሃልኻ። እዚ ማለት ንኣብነት ፌስታታት ከይተዳሉን ወይ ከኣ ኣብ ፌስታታት ከይትሕወስን። ኣብ ካልእ ማሕበራዊ ርክባት'ዉን ክትህሉ የብልካን።

በንጻሩ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ጥራይ ናብ ስፒታል ወይ ማእከላት ጥዕና ክንበጽሕ ኣለካ። ናብ ኣድላዪ ዝኾነ ሕክምናዊ መርመራታት እውን ክትከይድ ኣለካ።

ሎሚ ከነስተውዕለሉ ዝያዳ ኣገዳሲ ዝኾነ ነገር ኩሎም ናይ ኮሮና(ኮቪድ-19) ምልክታት ዘለዎም ሰባት ምስ ካልኦት ሰባት ርክብ ክገብሩ የብሎምን።

**እዞም ሕጋጋት ክሳብ ዕለት 08 ታሕሳስ ተግባራውያን ይኾኑ።**

"ሎሚ እዚ ኩነታት ምዓልታዊ ብድራማቲካዊ ኣገባብ ይውስኽ ኣሎን ድሓር ንኸይንጥቃዕ ከኣ ሎሚ ናይ ግድን ክንሰርሕ ኣለና። ብጉጅለታት ኣይንተኣከብ። ማሕበራዊ ርክባትና ብድራማቲካዊ ኣገባብ ንቐንስ። እዚ ኩነታት ከቢድ'ዩ። ቅድሚ ሕጂ ሰብ እንተዘይተረዲኡዎ ሎሚ ናይ ግድን ይረደኦ።" ትብል ዳይረክተር ምድላዋት ህጹጽ ኩነታት ኣብ ኣውራጃዊ ባይቶ ካልማር ኣና ኖርሌን።

**ገለ ምልክታት ኮሮና(ኮቪድ-10)**

- ሰዓል
- ረስኒ
- ናይ ምስትንፋስ ጸገም
- ጸረርታ ኣፍንጫ
- ምዕጻው ኣፍንጫ
- ቃንዛ ጎሮሮ
- ሕማም ርእሲ
- ዕውልውል
- ድኻም
- ቃንዛ ጭዋዳታትን መላጋግቦ ኣዕጽምትን

ገለ ሰባት እውን ቅርጸትን ውጽኣትን: ካልኦት ድማ ነድሪ ቆርበት ክርኣዮም ይኽእል። ሰብ ጨናን መኣዛን ከጥፍእ'ውን ንቡር እዩ።ብዙሓት ድኻም ይስምዖም።

**ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ ኣኣብ ክልተ ሰሙን**
ኣብ ህጹጽ ኩነታታት ሓቢሮም ዝሰርሑ ኣካላት ኣውራጃ ካልማር ፣እዚ ምትሕብባር ኣብ ሞንጎ ኩለን ኮሙናት ናይዚ ኣውራጃ ፣ምምሕዳር ኣውራጃ ክልማር ፣ዞባ ካልማር፣ኩሎም ኣብዚ ኣውራጃ ዘለዉ ሰበስልጣናትን።
ኣብ ህጹጽ ኩነታት ናይዚ ሕብረተሰብ ሓቢርና ንውስንን ንተሓጋገዝን። ሕጂ ብዝተካእለ መጠን ንኩነታታት ኮሮና ክንብድ ንሰርሕ ኣለና።

Krissamverkan Kalmar län

Kalmar kommun

facebook.com/krissamverkan.kalmar